

















ኖህን ማይ ኣይህን

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ዘፍጥረት 6-10

˝ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።˝ መዝሙር 119፡130

**ጸሓፊ** Edward Hughes
**ገላጺ** Byron Unger; Lazarus

**ተርጓሚ፦ ተስፈኣለም በራኺ፡**
**ሙሉጌታ ዘርኣይ፡ ጸሃይነሽ ታደሰ**
**ኣወሃሃዲ** M. Maillot; Tammy S.

ዛንታታት ካብ 3 ክሳብ 60

**M1914.org**

ፍቓድ፡ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ። ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፡







እግዚኣብሄር ጌጋ ከም ዝገበርና ይፍልጥ እዩ፡ ንዕኡ ድማ ሓጢኣት ይብሎ። ዓስቢ ሓጢኣት ከኣ ሞት እዩ።

እግዚኣብሄር ኣዚዩ ስለዘፍቅረና ንወዱ ሰዲዱልና፡ ኢየሱስ ከኣ ኣብ መስቀል ሞይቱ ዕዳና ከፊሉልና እዩ። ኢየሱስ ብኣካል ናብዛ ምድሪ ወሪዱ ኔሩ ሕጂ ግና ናብ ሰማይ ተመሊሱ ኣሎ። በዚይ ድማ እግዚኣብሄር ሓጢኣትና ሓደገልና።

ካብ ሓጢኣትካ ክትወጽእዶ ትደሊ እኻ፧ ንእግዚኣብሄር ከምዚ በሎ፡ ኦ እግዚኣብሄር ኢየሱስ ከምዝሞተለይን ካብ ሞት ከምዝተንሰኤን ይኣምን እየ። ኦ ጎይታ ናብ ሂወተይ ንዓ፡ ንሓጢኣተይ ድማ ይቕረ በለለይ፡ ምእንቲ ሓድሽ ሂወት ክህልወኒ፡ ምስካ ድማ ንዘልኣለም ምእንቲ ክነብር። ከም ወድኻ ኮይነ ክነብር ሓግዘኒ። ኣሜን። ዮሃንስ 3:16

መጽሓፍ ቅዱስ ኣንብብ ንእግዚኣብሄር ከኣ መዓልታዊ ኣዛርቦ ብጸሎት።

**ትግርኛ** Tigrigna


እግዚኣብሄር ከኣ ንኖህ ከምዚ ኢሉ ኣጠንቀቖ″ ማይ ኣይሂ ክሰድድ እየ ንመሬት ብምልእታ ከዕለቅልቅ እየ በሎ። ንዓኻን ንስድራኻን ኣነ ንዝነግረካ እንስሳታትን መርከብ ስራሕ በሎ።”
3
ከመይ ጌሩ ክሰርሓ ከምዘለዎ ኵሉ ብንጹር መምርሒ ሃቦ። ካብቲ ጊዜ ጀሚሩ ኖህ ምስ ስድራኡ ኣብ ከቢድ ስራሕ ተጸምደ።
4
እቶም ደቂ ዓዱ የላግጹሉ ነበሩ። ንምንታይ ኣብ ሓደ ንቑጽ ምድሪ ካብ ባሕሪ ዝረሓቀ መርከብ ይሰርሕ እንዳበሉ።
ኖህ ግና በቲ ዘይምርድኦም ከይተገረመ ነቲ ስርሑ ቀጸለ።
5
እኳ ደኣ ክንስሑን ናብ ፈጣሪኦም ክምለሱን ይምዕዶም ነበረ።
ንሳቶም ግና ነቲ ዝብሎም ዝነበረ ኣየስተውዓልዎን።
6
ኖህ ግና ዓቢ እምነት ኔርዎ። ተርእዩ ዘይፈልጥ እግዚኣብሄር ከምዝገብርን ዝናም መሳኵቲ ሰማት ከፊቱ ንምድሪ ከምዝመልኣን። ነዚ ኣሚኑ ከኣ ነቲ ስራሕ ዝተባህሎ ፈጸመ።
7
ምሳኻ ብህይወት ምእንቲ ክትሕልዎም ድማ ካብ ኵል ህያው ካብ ስጋ ዝለበሰ ከክልተ ካብ ኵሉ ዓይነት ናብ መርከብ ኣእቱ ተባዕታይን ኣንስታይን ይኹን በሎ።
8
መቸሰ ኖህ ነቶም እንስሳታት ክእክቦምን ከእትዎምን ናብ መርከብ ከሎ እቶም ሰባት የላግጹሉን ነይሮም ይኾኑ።
9
ንኣምላኽ ካብ ምብዳል ዓዲ ኣይወዓሉን ሓጢኣት ኣብ ርእሲ ሓጢኣት እንዳወሰኩ። ንኖህ ናብ መርከቡ ከእትዎም ውን ኣይለመንዎን።
10
ድሕሪ ክንደይ ጻዕርን ቃልስን ኖህ ነተን ዝተባህሉ ዕዮ መርከብን ኣብኡ ዝኣትውን ኣስቂልዎም ተዳለወ።
11
እግዚኣብሄር ንኖህ ንስኻን ስድራካን ናብ መርከብ እቶ በሎ። ምስ ኣተወ እግዚኣብሄር ነቲ ዓቢ ማዕጾ መርከብ ዓጸወሉ።
12
ናብ መርከብ ከእትዎ ዝነበሮ ኵሉ ከምቲ ትእዛዝ ምስ ኣእተወ እግዚኣብሄር ከኣ ዝናም ናብ ምድሪ ኣዝነመ። ብዘይ ምቁራጽ። ኣርብዓ መዓልትን ለይትን ዝናም ፈሰሰ፡
13
እቲ ማይ ንምድሪ ምምላእን ንዓድታትን ከተማታት ከጥሕለን ጀመረ። ቀስ እንዳበለ ኵርባታትን እምባታትን ክዋሓጡን ክጥሕሉን ጀመሩ። በዚ ከኣ ኵሉ ህይወት ዘለዎ ፍጡር ኣብ መርከብ ዘይኣተወ ዝነበረ ሞተ።
14
እቲ ማይ ነታ መርከብ ካብ ምድሪ ጸምበለል ኣቢሉ ሓፍ ኣበለ። ኣብ ውሽጢ እታ መርከብ መቸስ ምስቲ ለይቲ ምስ መዓልቲ ዝዘንብ ዝነበረ ግብ ዝበለ ጸልማት ዘፍርሓካ ዘንቁረካ ንዓይንካውን ዘይትርእዮ ኮይኑ ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ዘሓጉስ ናይታ መርከብ ግና፡ በቲ ዝሃረመ ማይ ኣብ ምድሪ ተዋሒጣ ኣይተረፈትን።
15
ድሕሪ ሓሙሽተ ወርሒ እቲ ምዕልቅላቅ ማይ። ኣምላኽ ድማ ኣብ ምድሪ ንፋስ ኣንፈሰ። ኣቲ ማይ ከኣ ጎደለ፡ እታ መርከብ ኣብ ኣክራን ኣራራት ዐረፈት። ብድሕሪ እዚ ኖህ ንኣርብዓ መዓልቲ ክሳብ እቲ ማይ ዝጐድል ኣብ መርከብ ተጸበየ።
16
ኖህ ነቲ መስኮት መርከብ ከፊቶ ንርግብን ካኹን ከኣ ሰደዶም። እታ ርግቢ እግራ እተዕርፈላ ኣይረከበትን እሞ ናብ መርከብ ተመልሰቶ፡
17
ገና ካልእ ሾውዓተ መዓልቲ ጸኒሑ ድማ ነታ ርግቢ መሊሱ ካብ መርከብ ሰደዳ፡ እታ ርግቢ ኣጋ ምሸት ልሙዕ ቆጽሊ ኣውሊዕ ኣብ ኣፋ ሒዛ ተመልሰት። ድሕሪ ሰሙን መሊሱ ሰደዳ ድሕሪ ደጊም ግና ናብኡ ኣይተመልሰትን።
18